# ባይቶ ፈስትቫል ኤርትራ ጀርመን  ኣብ ዘቃንዖ ኣኼባ

## ፈስትቫል ኤርትራ "ንዕለት 02 ን 03 /07/2016 " ከምዝካየድ የበስር !

እቲ ካብ ኩለን ሃገራውያን ውዳቤታት ዝቖመ ባይቶ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን ብዕለት 19.03.16 ኣብ ከተማ ማንሃይም  ኣብ ዘቃንዖ ኣኼባ: ፈስትቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን  ንቐዳምን ሰምበትን ዕለት 02 ን 03 /07/2016 ንኽካየድ መደባቱ ሓንጺጹ።

መደብ ብዝኽረ ሰማኢታት ብድሕሪ ምኽፋት  ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ኣብ ሓፈሻዊ ህልው ኩነታት ሃገርን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ብህዝብን መንግስቲ ኤርትራን ዝሰላሰሉ  ዘለዉ  ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዓወታትን  :  ዝጽበዩና  ዘለዉ  ብድሆታትን ኣመልኪቱ መግለጺ ሂቡ ።

ሰዒቡ ብኣወሃሃዲት ሽማግለ ፈስትቫል ኤርትራ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ንጥፈታት ፈስቲቫል 2015  : ኣባላት ባይቶ ኣሰፈሖም ብምዝታይ   ንኽኽተሎ ዝጸንሐ ኣሰራርሓ ዕቱብ ገምጋም ድሕሪ ምግባር: ንዝጸንሑ እወታውን ኣሉታውን ስርሓት ብድሕሪ ምንጻር : ንፈስትቫል 2016 ዓ.ም. ኣብ ፍሉይ መድረኽ : ማእለያ ዘይብሉ  ተጻብኦ  ኣብ  ዝፈሸለሉ  ዘሎ  ኣጋጣሚን  ህዝቢ  ኤርትራ  ብሩራዊ  እዮቤል  ናጽነት  ኤርትራ ዝጽምብለሉ  ዘሎ  ዓመት     ብምዃኑን : ኣባላት  ባይቶ  ፈስትቫል  ብዝሓየለ  ክስርሓሉ  ዝኽእል  ኣገባብ ስራሕን ኣወዳድባን  ብምትእትታው ንዝያዳ ስራሕ ብልዑል ሃገራዊ ወኒ    መደባቶም ሰርዑ።

ኣብ  ዝተኻየደ  ዓውደ  ዘተ  ኤርትራውዊ   ፈስቲቫል  ማዕረ  ሃገራዊ  ብዓላትና  ኣብ  ኩለን  ኤርትራውያን ዝነብሩለን ሃገራት ብድምቀት ንኽብዓልን ኤርትራዊ መንነት ዝግለጸሉን፡ ናፍቖቶም ዘርውይሉ : ብፍላይ ድማ ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓብዩ ቆልዑን መንእሰያትን ምስ  ባህሎምን  ህዝቦምን ዝፋለጥሉ ባይታ : ኮይኑ ሃገራዊ ሓድነት ንምድልዳልን እዋናዊ መልእኽትታት ንምትሕልላፍን'ውን መኸተና  ንምሕያልን ኑብስና   እንግምግመሉን  ብሃገር  ደርጃ  ዓቢ  ኣቓልቦ  ዝወሃበሉ  ሃገራዊ  ንግደት  ብምዃኑ  :  ምስ  ሓድሽ ትውልዲ  ዝኸይድ  ግዜ  ዝጠልቦ  ለውጥታት  ንሕጻናትን  መንእሰያትን  ዝማርኽ  መደባት  ከተ  ኣታትዉ ኣኸብኛታት ተረዳድኡ።

ሽማግለ  ፈስቲቫል  ኤርትራ  በዚ  ኣጋጣሚ  ናይ  ሎሚ  ዓመት  ፈስትቫል  ኤርትራ  ኣብ  ዕለታት  02-03. 07.2016  ከምዝጽምበል   ንኹሎም ግዱሳት ዘጋታት ከተበስር ከላ : ፌስትቫልና ወትሩ ዕዉት ንኽኸውን ወርቃዊ ግዚኦም፡ ኣእምሮኦም፡ ጉልቦቶም  ዘወፈዩ፡ መንእሰያት፡ ማሕበረኮማት፡ ሽማግለታት መኸተ : ጉጅለታት  ህግደፍ፡  ሃማደኤ፡  ጋንታታት  ስፖርት፡  ትምህርቲ  ቛንቛ  ኣደ፡  ሰነጥበባውያንን  መድያን ከምኡውን እቶም ወግሐ ጸብሐ ንብደርጃ ፈስቲቫል ጀርመን ዝካየድ ንጥፈታት ብተወፋይነት ብሞራልን ብጉልበትን ከየቛረጹ  ዝደጋግፉናን ሰሪሖም ዘሰርሑን ተዓዊቶም  ዘዕውቱ ፣ ግዱሳትን ኣብነታውያንን ሃገራውያን ተቐማጦ ጀርመን : ከምኡውን ከቡራትን (ን)ተሳተፍቲ  ፌስትቫል ኤርትራን ብስም ሽማግለ ፈስቲቫል ዓቢ ምስጋና ብምቕራብ : መደባት ፌስትቫል ንምዕዋት ኣድላይ ሓሳባት ነቐፌታ ካልእን ከቕርቡ ንዝደልዩ ግዱሳት ኤርትራውያን ብጽሑፍ  ብኢመይል ወይ ቴለፎን  ምኽርኮም ንኽልግሱ ብምልባው መደብ ኣኼባ ባይቶ ፌስትቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን ብዓወት ተዛዚሙ።

ርብዒ ዘመን ኣብ ልምዓትን  መኸተን !

ዓወት ንሓፋሽ

ኣወሃሃዲ ሽማግለ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን                                        ዕለት  21.03.2016